## ብሩራዊ ኢዮቤል ክህነት

# ኣባ ገብርኤል ወልዳይ

ቁምስና ደብረ ቍስቋም ሥርዓተ ግእዝ  በይ ኤርያ

ኦክላንድ  ካሊፎርኒያ  28 ሓምለ 2018



## 25th Anniversary of Priesthood

# Fr. Ghebriel Woldai

Debre Qusqam Ge’ez Rite Eritrean Catholic Church

Bay Area  Oakland California July 28, 2018




ስእሊ: ብእናቴ ኣውዓለት ዘሚካኤል ኣብ መዓርገ ክህነት ኣባ ገብርኤል (25 ሓምለ 1993)



ብሩራዊ ኢዮቤል ክህነት ኣባ ገብርኤል ወልዳይ

ቁምስና ደብረ ቊስቋም ሥርዓተ ግእዝ

በይ ኤርያ  ኦክላንድ ካሊፎርኒያ 28 ሓምለ 2018

# መቕድም

ክቡር ኣባ ገብርኤል ወልዳይ ኣብ ሕጽኒ ቤተክርስትያን ተወሊዶም ተኾስኲሶምን ዓብዮምን፡ መዓርግ ክህነት ለቢሶምን ናብ ሓዋርያዊ ስራሕ ተዋፊሮምን መበል 25 ዓመት ክህነቶም ኩብዕሉ በቒዖም ኣለዉ። ኩሉ እዚ ህያብ ኣምላኽ ስለዝኾነ ሎሚ 28 ሓምለ 2018 ብፍስሓን ዕልልታን ንእግዚኣብሔር ሞሳ ይወሃብ ኣሎ። ዝሓለፈ ኩሉ ብዝርዝርን ብሰፍሕን ክተርእዮን ከተካፍሎን ዘይከኣል ብምኳኑ ገለ ነጸብራቕ ንምቕራብ እዚ ጽሑፍ ገለ ትሕዝቶ ሒዙ ቀሪቡ ኣሎ። ብመሰረት እዚ ከኣ ክቡር ኣባ ገብርኤል ንቤተክርስትያንን ንምእመናንን ዘቕረቡዎ ምስጋናን፡ ምእመናን እውን ብወገኖም ዘለዎም ፍቕርን ኣኽብሮትን ዝገልጽ፡ ገለ ካብ ታሪኽ ሕይወት ኣባ ገብርኤል ኣብ መዓርገ ዲቁናን መዓርግ ክህነትን ዝነበረ ገለ መርኣዩ ስእሊታትን ግጥሚን፡ ኣብ ዕለቱ ዝቐርብ ስብከትን ትምህርትን ምስክርነትን ቀሪቡ ስለዘሎ ናይ ሎሚ ታሕጓስን ምስጋናን ትምህርቲታትን ንመጻኢ ሕይወትና ዝጎንጽን ዘነቓቕሕን ይግበረልና።

ዝርዝር ትሕዝቶኡ እንሆ


1. ምስጋና ኣባ ገብርኤል ወልዳይ . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . Page 5
2. Thanks giving Fr Ghebriel Woldai . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . Page 7
3. ሓጺር ታሪኽ ሕይወትን ኣገልግሎት ክህነታዊ ሕይወትን . . . . . . . . . . . . . . . . Page 9
4. ስእሊታት ኣብ መዓርገ ዲቁና . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . Page 16
5. ግጥሚ ዕለተ ዲቁና እናቴ ኣውዓለት ዘሚካኤል . . . . . . . . . . . . . . . . . . Page 17
6. ስእሊታት ዕለተ ክህነት ኣባ ገብሪኤል . . . . . . . . .. . . . . . . . . . . . . . Page 22
7. ግጥሚ ዕለተ ክህነት እናቴ ኣውዓለት ዘሚካኤል . . . . . . . . . . . . . . . . . . . Page 23
8. ስብከተ ኣብ ብሩራዊ ኢዮቤልዩ . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . Page 29
9. Reflection on sacred ministerial priesthood by Abba Amlesom . . . . . . Page 36
10. ቃል ኪዳን ብኣባ ዓዋተ . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . Page 38
11. How to be good 2nd generation and family – Mrs Sefanit Stifanos . . . . Page 40
12. ግጥሚ ንብሩራዊ ኢዮቤልዩ . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . Page 42
13. *A Personal Journey on Faith by Genet Dolcii* . . . . . . . . . . . . . . . Page 43
14. *ገዛእ ርእሰኻ ምልላይ ብሮቤል ኪዳነ* . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . Page 45
15. *ጸሎት*/ prayer . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . Page 46/47
16. ምስጋና ምእመናን ደብረ ቁስቋም . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . Page 52

# ምስጋና ኣብ ብሩራዊ ኢዮቤል ናይ ክህነት ኣባ ገብርኤል ወልዳይ

## ደብረ ቍስቋም ኦክላንድ ካሊፎርኒያ

መጀመሪያ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽ ብክህነታዊ ሕይወት ከገልግሎ ንዝጸወዓኒ ንዝሓረየንን ኣመስግን። ኣብ'ዚ ናይ ክህነታዊ ሕይወተይ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝሓገዙኒ፥ ብጸሎቶም ዘሰነዩኒ፥ ንዅላቶም  ምስጋናይ ከቕርብ እፈቱ። ንወለደይ ኣቶ ወልዳይ ተኽሉን ወይዘሮ ለተክርስቶስ ሠረቐን ብጉቡእ ንዘዕበዩኒን፥ ኣብ'ዚ ክህነታዊ ሕይወት ክበጽሕ ብኹሉ መንገዲ ዘሓገዙኒን ዘተባቡዑኒን የመስግን። ከምኡ'ውን ነዛ ኣብ ስደት ዘላ ቤተክርስትያን ሥርዓተ ግእዝ፥ ሓዋርያዊ ኣገልግሎተይ ብጉቡእ ኣብ ምፍጻም፥ ዝተሓባበሩኒን ዝተሓባበሩኒ ዘለዉን፥ ሰበኻ ናይ ኦክላንድ፥ ቈምስናታት ቅዱስ ዮሴፍ በርክሊን ቅዱስ ኣንጦንዮስ ሰይንቲ መሪ ሄልፐ ኦፍ ክርስትያንን ብልቢ የመስግን።  ንዅላቶም ምእመናን ናይ በይ ኤርያን ካብ ኵሉ ቦታታት ኣመርካን ካናዳን ዝመጻእኩም፥ ኣብ'ቲ ናይ ክህነታዊ ኣገግሎተይ ኢ.ብርትዕን ብጉቡእ ከገልግልን፥  ብቀጸሊ ጸሎትኩምን በቲ ኵሉ ምትሕብባርኩምን ንዘገበርኩምለይ ሓገዝን ሓልዮትን  ከመስግን እፈቱ።

ኣነ ከም ጓውኹም ካህን፥ ኣገልጋሊኹም ዝኾንኩ፥ በቲ ዝገበርኩምለይ ምትሕብባርን ጸሎትን ኣብ'ዚ ኣብ ሞንጎኹም ኮይነ ዘገልግለሉ ዘለኹ ናይ ክህነታዊ ኣገልግሎተይን፥ ናይ እግዚኣብሔር ፍቅርን፦ ሕያው ህልውና ናይ'ቲ ካብ ሙታን ዝተንሰኤ ክርስቶስ ከስተማቅር ኪኢለ። ኣብ'ቲ ብሓንሳብ ኮይና፥ ንምቋም ማኅበራት ኤርትራውያን ካቶሊክ ሥርዓተ ግእዝ ኣብ ስደት፥ ብምትሕብባርን ንሰርሖ ዘሎና ሥራሕ ኣብ ግራት እግዚኣብሔር፥ ሕያው ህልውና ናይ መንፈስ ቅዱስ፥ ዘጣምርን ዘሕብርን ፍረ ጽድቂ ዝህብን ጸጋ፥ ክፈስስ ክርኢ በቃዕኩ ክብል እኽእል። ነዚ ዕድል ዝሃበኒ ኣምላኽ ከኣ ብልበይ የመስግኖ።

ነፍስ ወከፍኩም ንተውህቦታትኩምን ክእለታትኩምን ብቅዱስ መንፈስ ዝተመርሔ፥ ነዛ ኣብ ስደት ዘላ ሥርዓተ ግእዝ ቤተክርስትያና ኣብ ምቛምን ምድልዳልን ኣብ ዝተወሰደ ተበግሶታት፥ ብተወፋይነት  ብምዕያይኩም፥ ንክህነታዊ ኣገልግሎተይ ተግባራዊ ክገብሮ፥ ብ ምትሕባብርኩም ብልቢ የመስግነኩም። ብሓንሳብ ኮይና ከም ኣመንቲን ተኸተልትን ክርስቶስ ኮይና ብትግሃትን ብተገዳስነትን ክንሰርሕ ዝኸኣልና፥ ብሓባር ብእምነት ብምጓዓዝና፥ ብመንፈሳውነት ብምዕባይና፥ ብዝበለጸ ክንጥርነፍን ኣኅዋትን ኣኃትን ኮይና ክንደጋገፍ

ብምብቃዕና፥ ናብ ክርስቶስ ብዝያዳ ብምቅራብና፥ እዚ ናይ ክህነታዊ ኣገልግሎት ተልእኮ፥ ሳላ ምትሕብባርኩምን ብኃይሊ ኣምላኽን ኣብ'ዚ ፍረ ክበጽሕ ምኽኣሉ ብልቢ የምስግን።

ኩልኻትኩም ኣኅዋትን ኣኃትን ካብ ርሑቕን ቀረባን፥ ነዛ መዓልቲ ምስጋናን ንናይ ዕስራን ሓምሽተን ብሩራዊ ኢዮቤል ናይ ክህነተይ፥ ከተማዕርጉን እንቋዕ ነዚ ኣብቀዓካ ክትብሉን፥ ንኵሉ ጉዳይኩም ገዲፍኩም ዝመጻእኩም ብልቢ የመስግነኩም። ነዛ መዓልቲ እዚኣ፥ ብኹሉ መልክዓ፥ መዓልቲ ምስጋናን ውዳሴን ሓጎስን ኮይና ክትውዕል፥ ዝተሓባብርኩም ካህናት ኣኅዋተይን ምእመናን ቁምስና ደብረ ቊስቋም በይ ኤርያን፥ ከምኡ'ውን ካብ ርሑቑን ቀረባን ዝመጻእኩም ኣኅዋትን ኣኃተን፥ ንኹሉኻትኩም ብኃበራ የመስግን። እግዚኣብሔር እቲ ኵሉ ሠናይ ዝልግስ፥ ጻማኹም ኣኻዕቢቱ ይሃብኩም። ኣብ ቁምስናኹምን ቤትኩምን፥ ከም ኃውኹም ፈታዊኹምን ገርይርኩም ብኽብሪን ብሓጎስን ዝተቐበልኩምኒ፥ ኣብ ጊዜ ሓዘነይ ዘጸናናዕኩምኒ፥ ምስተሸገርኩ ዝረዳእኩምኒ፥ ከም ኃውኹም ካህን ዘኽበርኩምኒ፥ ብዝተኻእለኩም መጠን'ውን ዝተዓገስኩምኒ ብልቢ የመስግነኩም።

ንኹልኹም ሓደራ ዝብሎ ከኣ፥ ኵሉ ግዜ ኣብ ጸሎትኩም ክትዝክሩኒ፤ ኣነ'ውን "ኵሉ ሳዕ ንኣኻትኩም ክዝክር ከሎኹ፤ ንኣምላኸይ ኣመስግኖ። ኣብ ኵሉ ጸሎተይ፥ ምእንቲ ኹልኻትኩም ብሓጐስ እጽሊ ኣሎኹ። ካብ መጀመርታ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ስብከት ወንጌል መዓይይተይ ስለ ዝኾንኩም ንኣምላኽ ኣመስግኖ ኣሎኹ። እቲ ኣብ ሕይወትኩም ሠናይ ግብሪ ዝጀመረ ኣምላኽ፥ ክሳብ እታ ክርስቶስ ኢየሱስ ዝመጻላ መዓልቲ ኽምዝፍጽሞ ተረዲአዮ ኣሎኹ።" ፊሊጲሲሱ 1፥3-6

*ኣባ ገብርኤል ወልዳይ*

*ቆሞስ ደብረ ቋስቋም በይ ኤርያ ካሊፎርኒያ*

**Dear Brothers and Sisters in Christ,**

I thank God for calling and choosing me to be His priest and for all the blessings that I have received from Him through the 25 years of my priesthood. I would like to thank His Excellency Emeritus Bishop John Communis for welcoming me to the Diocese of Oakland and all bishops of Oakland who have continued to support me since I have arrived here in 1998. Without their support and their diocese's support, I wouldn't be here today. I have witnessed love and a very good welcoming spirit and hospitality by all of you and by St. Joseph the Worker parish of Berkeley and by their pastors of the past 20 years.


I would like to take this opportunity to thank His Excellency Bishop Michael Baber for all the support and encouragement that you are giving me. When you see me, "when you say to me, you are our priest and you are one of us", it is a lot to me. I am very grateful to receive and read your letters on my ordination date every year. Thank you very much His Excellency Bishop Barber for all the kind words and for always supporting me.  I am very thankful for the decision that you made to move the Eritrean catholic community from St. Joseph the Worker church to St. Mary Help of Christians church two years ago. I would also like to thank Fr. Franco Juan and St. Anthony-St. Mary Help of Christian's parishioners for welcoming us and for opening your church and rectory to us to worship God in our language and tradition and for the hospitality and for continuing to support us.

Finally, I am very grateful to all of you who are supporting me to continue to do my ministry to Eritrean Catholics of the diaspora and today for taking your time to joining me at the celebration of my 25$^{th}$ Anniversary of my priesthood.

May God continue to bless all of you!!

With Best Regards,

Fr. Ghebriel Woldai




ስእሊ: ስድራ ቤት ኣቶ ወልዳይ ተኽሉ ምስ ልደታ ማርያም ሸናራ


### ሓጺር ታሪኽ ሕይወትን ኣገልግሎት ክህነታዊ ሕይወትን ናይ ኣባ ገብርኤል ወልዳይ፤

ወለደይ ኣቶ ወልዳይ ተኽሉን ወይዘሮ ለተክርስቶስ ሠረቐን እዮም። ኣነ ዝተወለድኩሉ ዓዲ በኸሪ ገዛ ስለዝኾንኩ፥ ኣብ እንዳ ኣደይ ጀንገረን ኣብ ዞባ ዓንሰባ ኮይኑ፥ ዝተወልድኩሉ ዕለት ከኣ ኣብ 25 መስከረም 1969 ኢዩ። ዝዓበኹሉ ዓዲ ግና ሸናራ እዩ። መባእታ ትምህርተይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ለሳለ፥ ኣብ ቅዱስ የሴፍ ከረን ኮይኑ፥ ኣብኡ ክሳብ ሻድሻይ ክፍሊ ተምሃርኩ። ኣኀዋተይ ድማ ኢሳያስ፡ ኤርምያስ፡ ሰላማዊት፡ ሉላ፡ መሓሪዝጊን ሰምሃርን እዮም።

ኣብ ወርሒ መስከረም 1982 ኣብ ንኡስ ገደማ ዘርኣ ክህነት ከረን ኣቶኹ። ካብ ቤት ትምህርቲ ዘርኣ ክህነት ከረን ኣብ ወርሒ መስከረም 1985 ናብ ዓቢይ ገዳም ዘርኣ ክህነት ኣስመራ ተመሓላለፍኩ። ብ1988 ናይ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ትምህርተይ ወዲኤ ናብ ናይ ቴዮሎጂን ፍስፍናን ቤትምህርቲ ኣቡነ ሰላማ ከሳቴ ብርሃን ትምህርቲ ፍልስፍናን ቲዮሎጂን ጀመርኩ። ሳልሳይ ዓመት ትምህርቲ መለኮት ምስ ወዳእኩ ከኣ፥ ኣብ 21 መጋቢት 1993 መዓርገ ዲቁና፥ ኣብ ቤተክርስትያን ደብረ ኪዳነ ምሕረት ኣስመራ፥ ብብጹዕ ኣቡነ ዘካርያስ ዮውሓንስ ተቀበልኩ። ኣብ 25 ሓምለ 1993፥ ኣብ ቤተክርስትያን ደብረ ቅዱስ ሚካኤል ከረን፥ ብብጹዕ ኣቡነ ዘካርያስ ዮውሓንስን ብብጹዕ ኣቡነ ወልደትንሰኤ ገብረጊዮርጊስ ኣቡን ናይ ሰበኻ ሓራር ዝተረኽብሉ መዓርገ ክህነት ተቀበልኩ።

ካብ 1994 ክሳብ 1997፥ ንሰለስተ ዓመታት ቀሞስ ናይ ሓልሓልን ጀንገረን ኣፍዓበትን ኮይነ ኣገልገልኩ። ኣብ መጀመሪያ ሓምለ 1997 ንሮማ ንትምህርቲ ክምሃር ተለኣኽኩ። ኣብ ዩኒቨርስቲ ኦርየንታሉም ንሓደ ዓመት ትምህርቲ መለኮት ተምሃርኩ። ብሓምለ 1998 ንኣመርካ ብኣቡናት ኤርትራ ተለኣኽኩ። እቲ ዕላማ ዝነበረ ከኣ፥ ኣባ ዳዊት ዘርእማርያምን ኣነን ኣብ ጊዜ ዕርፍቲ ናይ ትምህርትና፥ ነቶም ኣብ ኣመሪካ ዘለው ናይ ሥርዓተ ግእዝ ዝኽተሉ ካቶሊካውያን ምእመናን፥ ብመንፈሳዊ ጉስነቶም ከመይ ይግልገሉ ከምዘለው ንምሕታታት፥ ዝበዝሑ ኤርትራውያን ካቶሊካውያን ምእመናን ኣብ ኣየኖት ከተማታት ኣመሪካ ከምዘለውን፥ ብዝሓም ክንደይ ከምዝኾነን ሓበሬታ ብምርካብን መጽናዕቲ ብምግባርን ናብ ካቶሊካውያን ኣቡናት ኤርትራ ጸብጻብና ክነቅርብ ንኣመሪካ መጻእና።

ኣብ'ዚ ኣመሪካ ምስ መጻእኩ፥ ንሓደ ወርሒ ዝኸውን ኣብ ዋሽንግቶን ዲስ ስራሕና ጀሚርና ኣብ ኩሉ ኣመሪካ እናተዛወርና መጽናዕትና ኣብ ንገብረሉ ዝነበርና እዋን፥ ናብ በይ ኤርያ ኣብ ኦክላንድ ምስ ኣባ ዳዊት ዘርእማርያም ምስ መጻእና፥ ብዙሕ ክይጸናሕኩ ናይ ጥዕና ጸገም ኣጓነፈኒ።



ስእሊ: ኣብ ገብርኤል ምስ ኣሕዋቶም
ኣብ ጸጋም ናብ የማን ኤርምያስ፡ ኣብ ገብርኤል፡ ኢሳያስ



ስእሊ: ኣባ ገብርኤል ምስ መተዓቢቶም ኣብ ከረን



ስእሊ: ኣባ ገብርኤል ተማሃራይ ዘርኣ ክህነት ከረን



ስእሊ: ኣባ ገብርኤል ተማሃራይ ዘርኣ ክህነት ኣስመራ



ስእሊ: ኣባ ገብርኤል ምስ ተማሃሮ ተሎግያ ዘርኣ ክህነት ኣስመራ

በዚ ምኽንያት ንክልተ ሰሙን ዝኣክል ኣብ ሆስፒታል ናይ ሳሚት ኣብ አክላንድ ዘሎ ደቂሰ ኣብኡ ተሓከምኩ። በዚ ናይ ጥዕናይ ምክትታል ክገብርን ንምእመናን ከም ቀሞስ ኮይነ ክጓስን፥ ነቲ ኣብ ሮማ ዝጀመርክዎ ትምህርተይ ኣብ'ዚ ኣብ በርክሊ ክቅጽልን፥ ብኣቡነ ተስፋማርያም ብድሆ፥ ሽዑ ኣቡን ናይ ኤጳርቅና ከረን ዝነበሩ ፍቃድን ሓላፍነትን ተውህበኒ። ናይ ሰበኻ አክላንድ ኣቡነ ጆን ኮሚኒስ፥ ብሓጎስ ንኣይ ተቀቢሎም፥ ኵሉ እቲ ዘድሊ ምትሕባብር ገበሩለይ። ምእመናን ናይ በይ ኤርያ'ውን ከም ሓዎምን ጓሶምን ብምምሕብሓብ፥ ንክህነታዊ ኣገልግሎተይ ብግቡእ ከበርክትን ብትምህርተይን ብጥዕናይን እውን ኣብ ዝተመሓሸ ኩነታት ክበጽሕን ንክዕወትን ብጽቡቕ ተሓባበሩኒ። ስለ'ቲ ኩሉ ምትሕብባርን ሥናይ ግብርን ሓልዮትን ብኩሉ ወገን፥ ማለት ብሰበኻ አክላንድ ኮነ ብምእመናን ናይ ቤይ ኤርያ ኮነ፥ ንዝተገብረለይ ብልቢ የመስግን።

ብ1998 ክሳብ 2001 ኣብ በርክሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ መለኮት ናይ ኢየሱሳውያን ማስተርስ ዲግሪ ናይ ትምህርቲ መለኮት ብታርኽን መንፈሳውነት ናይ ኣበው ቤተርክስትያን ዝርኤ ተመረቕኩ። ከምኡ'ውን ብምቅጻል ንክልተ ዓመት ተማሂረ ከኣ እንደገና ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ትምህርቲ ወዳእኩ። ክሳብ ትምህርተይ ዝውዳእ፥ እናተምሃርኩ ከለኹ ከኣ፥ ንምእመናን ናይ በይ ኤርያ ከም ዓቃቤ ቤት ጸሎት ኮይነ ናይ ሓዋርያዊ ኣገልግሎተይ ከኣ ብምሉእ ዓቅመይ የገልግል ነበርኩ። ከምኡ'ውን ከም መበገሲ ናይ ሓዋርያዊ ኣገልግሎተይ ኣብ በይ ኤርያ ገረ ናብ ምሉእ ኣመሪካን ካናዳን ይንቀሳቀስ ነበርኩ። እተን ኣገልግሎት ዝገበርኩለን ከተማታት ኣመሪካ፥ ከም ሲያትል ፖርትላንድ ከምኡ'ውን ሎስ ኣንጀሎስ፥ ሳን ዲያጎ፥ ፊኒክስ ኣሪዞና፥ ላስ ቨጋስ፥ ደላስ፥ ደንቨር፥ ሚኒሶታ፥ ንዮርክ፥ ኣትላንታን ሻርሎትን ኵኾና ከለዋ፤ ኣብ ከተማታት ከናዳ ከኣ፥ ኤድሞንቶ፥ ዊኒፐግ፥ ካልጋሪን ረጃይናን ብተፈላለየ ኣጋጣሚታት ብምኻድ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ኣበርከትኩ፤ ንኵላቶም ምእመናን ብባህልናን ብቋንቋናን ክንጽሊ ዕድል የብልናን ኢሎም ተስፋ ምእንቲ ከይቆርጹ፥ ብዓቅመይ ብምግልጋል ተስፋ ሃብክዎም። ሕጂ እውን ኣብ ፊኒክስን ላስ ቨጋስን ዘለው ምእመነናን፥ ከም ዓቃቤ ቤት ጸሎት ኮይነ የገልግሎም ኣሎኹ።

ኣብ'ዚ ሎሚ ናይ 25ተን ዓመት፥ ብሩራዊ ኢዮቤል ናይ ክህነተይ ዘብዕለሉ ዘለኹ ጊዜ፥ ንድኅሪት ምልስ ኢለ ብዛዕባ ተዘክሮታት ናይ ጸዋዕታ ክህነተይ ክሓስብ ከሎኹ፥ ኣነ ብኣግኡ ማለት ንእሽቶይ ከሎኹ፥ ብዛዕባ ጸዋዕታ ክህነት ከምዘሎኒ ክሓስበሉ ዝጀመርኩሉ፥ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ነይሩ ክብል እኽእል። ክንስሕቶ ዘይብልና ግና እቲ ብዝያዳ ኣነ ንጸዋዕታ ክህነት ዓዕሚቑ ክፈልጦን ክሓስቦን ዝጀመርኩ፥ ኣብ ዘርኣ ክህነት ምስ ኣቶኹ ኢዩ። ቅድሚ ኣብ ገዳም

*ምእታወይ ግና ብንኡሰይ ከሎኹ፥ ካህን ብዝርኢ ጊዜን ከምኡ’ውን ተምሃርቲ ዘርኣ ክህነት ብዝርኢሉ ጊዜን ከምኦም ክኸውን ብልበይ ደስ ይብለኒ ነይሩ። በዚ ከኣ ቁሩብ ናይ ጸዋዕታ ክህነት ድልየታት ይሰመዓኒ ነይሩ ክብል እኽእል። ምስ’ቲ ዝነበረኒ ድልየት በተወሳኺ ከኣ፥ ነኣይ ኣብ ክህነት ክበጽሕ ብብዙሕ መንገዲ ዘተባብዑኒ ወለደይ ኢዮም። ምኽንያቱ ኹኣ ኵሉ ጊዜ ብዝተፈላለየ መንገዲ ንኡኡ ክሓስብ ስለዝመኽሩኒ፥ ከምኡ እውን ቤተሰበይ ኣብ ዝረኸቡኒ ጊዜ ክህነት ክትቀበል ቀሪብካዶ? መኣስ ኢዩ ክህነትካ? ኣጆኻ በርትዕ እናበሉ ኣብ ክህነታዊ ሕይወት ብትብዓት ንኽኣቱ የተባብዑኒ ነበሩ። ብፍላይ ከኣ ኣሞይ እናቴ ክላ ተኽሉ ብዝገበረትለይ ምኽርን ጸሎትን ኣብ’ዚ መዓርገ ክህነት በጽሔ ክብል እኽእል።*

*በዚ ኣጋጣሚ ነቲ ወለደይ ዝገብሩለይ ምትብባዕ እናዘከርኩ፥ ንኵሉ ምእመን ከተሓሳስቦ ዝደሊ፥ ናይ ወለዲ ተራ ኣብ ጸዋዕታ ክህነት እቲ ዝዓበየ ተራ ከምዘለዎም፥ በቲ ናይተይ ልምምድ ክምስክር እፈቱ። ከምቲ ንጉሥ፥  መራሒ፥  ሓኪም፥ ኩሉ ካብ’ታ ስድራ ዝርከብ፥ ከምኡ’ውን  ጸዋዕታ ክህነት ካብ ስድራቤት እያ እትርከብ። ሓንቲ ስድራቤት ብመንፈሳዊ ሕይወታ ጥዕይቲ እንተኾይና፥ ካብኣ ጸዋዕታ ክህነት ብቀሊሉ ይርከብ። ሐደ መንእሰይ ኣብ ጸዋዕታ ክህነት ክበጽሕ ዝኽእል፥ በቲ ናይ ወለዱ ዘወፍይዎ ሞራላዊን ንዋታውን ሓገዝን፥ ብምኽሪ ብምልጋስን ኢዩ። ከምኡ’ውን እቲ ጸዋዕታ ክህነት ምስ ተረኽበ እቶም ወለዲ፥ ብቅዱስ መንፈስ ምስ ውሉዶም ብምውሳእ ከኣ፥ ኣብ’ቲ ክህነታዎ ሕይወቱ ንክዓቢን ንክጸንዕን ናታቶም ኣበርክቶ ብዙሕ ሓጋዚ ኢዩ። ስለ’ዚ ኣቦይን ኣደይን፥ በቲ ኵሉ ምትሕብባርን ደገፍን ኣብ መዓርገ ክህነት ንክበጽሕን ዝገበሩለይ ብልቢ ኣመስግኖም፥ ከምኡ’ውን ድጓሩ ክህነት ምቅባለይ ክሳብ ሎሚ ብሕይወቱ ዘሎ ኣቦይን ነታ ወላዲተይን ክሳብ ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት ካብ’ዚ ዓለም ብሞት ዝተፈለየትና፥ ኣብ ጎነይ ኮይኖም ስለዘተባብዑኒ ብልቢ የመስግኖም።*

*ነቶም ከም ወለዲ ዝቆጽሮም መምህራን ዘርኣ ክህነት ኣቦታት ካህናት ከኣ፥ ነዚ ሕይወት ናይ ክህነት ክበቅዕ ስለዝኾስኮሱኒ ብልቢ የመስግን። እወ ኣብ’ቲ ገደም ዘርኣ ክህነት ንዓሠርተ ዓመት ኣብኡ ኣብ ዝነበርኩሉ ጊዜ፥ ሳልኦም ብመጀመርታ ብመንፈሳዊ ሕይወተይ ክዓብየሉን ክድልድለሉን ዝኽእለሉ ብዙሕ መንፈሳዊ ኵስኮሳ ተቀቢለ፤ እቲ ኣብኡ ዝረኸብክዎ ኵስኮሳ ከኣ፥ ንዕስራን ሓምሽተን ዓመታት፥ ኣብ ክህነታዊ ሕይወተይ ብሓይሊ ኣምላኽ ጸኒዔ ክቅጽል ዕድል ከፊቱለይ። እቲ ኩሉ ኣብ ገዳም ዘርኣ ክህነት ብዝተገብረለይ ኩስኳሳ፥ ኣብ’ቲ መንፈሳዊ ሕይወተይ ዕብየት ክገብር ደግፉኒ፤ ከምኡ’ው ብትምህርቲ ዓለም በሲለ መን ምኺነይ ክፈልጥ*

በቂዔ፤ ብሓጺሩ ገዳም ዘርኣ ክህነት፥ እቲ ኣብ'ዚ ዓለም ከሎ ንወዲ ሰብ ዘድልዮ ትምህርታዊ ኵስኮሳ ስለዝገበረለይ፥ እቲ ዝበለጸ ፍልጠት ክቀስም ኪኢለ።

ቅድሚ 25ተን ዓመታት በቲ እግዚኣብሔር ዝሃብኒ ኃይሊን፥ ነዚ ብገዳም ዘርኣ ክህነት መንገዲ ዝቀሰምክዎ ትምህርቲን ተዓጢቀ፥ ነቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ "እቲ እኽሊ ብዙሕ ኢዩ፥ ዓየዩቲ ግና ውሑዳት ኢዮም እሞ፥ ንጐይታ እኽሊ ዓየዩቲ ክሰድድ ለምኑ" ሉቃ 10፥2 ዝበሎ ናይ ክህነተይ ጭርሖ ገይረ፤ ኣነ ከኣ ኣብ ኃይሉን ጸጋኡን ተኣሚነ፥ ብትሕትና ኣብ'ዚ ግራት ናይ ኣምላኽ ክሰርሕ፥ ንዓሰርተ ዓመት ዝኣክል ኣብ ገዳም ዘርኣ ክህነት ብግቡእ ንገልግሎቱ ብጸዋዕታ ክህነት ተኾስኪሳ፥ ኣብ ደብረ ቅዱስ ሚካኤል ከረን ብዕለት 25 ሓምለ 1993 መዓርገ ክህነት ተቀቢለ፥ ክህነታዊ ኣገልግሎተይ ጀመርኩ። እቲ ኣብ ገደም ዘርኣ ክህነት ዝቀሰምክዎ ትምህርትን መንፈሳውነትን ናተይ ብሉጽ መሳርሒ ገይረ ከኣ፥ በዚ መንገዲ ብተኻኣለኒ መጠን ብተወፋይነት የገልግል ኣሎኹ።

ነዛ ቅድሚ 25ተን ዓመታት ኣብ'ቲ ግራት እግዚኣብሔር ዘርኢ ንምዝራእ ዝተዋፈርኩላ ቅድስት ዕለት ኵሉ ጊዜ እናዘከርኩ፥ ንእግዚኣብሔር ምስጋናን ክብርን እናሃብኩ፥ ነቲ ንዕስራን ሓምሽተን ዓመታት ዝተዘርኤ ቃል ኣምላኽ፥ እቲ ፈጣሪ ኵሉ ኣምላኽ ባዕሉ ስለዘፍርዮ፥ ሎሚ ብሩራዊ ኢዮቤል ናይ ክህነተይ ከብዕል ምብቅዔይ ንእግዚኣብሔር እናመስገንኩ፥ ፍሪኡ ብዓይነይ ርኤ ክብል እኽእል። እሞ ሎሚ'ውን ኣብ'ዚ ግራት እግዚኣብሔር ተዋፊረ ኣብ ዘገልግለሉ ዘሎኹ ጊዜ፥ ነዚ በዓል ኢዮቤል ኣብ ዘብዕለሉ ዕለት ነዚ ኣጋጣሚ ተጠቂመ፥ ንኹላትኩም ምእመናን ኣብ'ዚ ናይ ቡሩራዊ ኢዮብል ናይ ክህነተይ ክንበጽሕ፥ ምኽርኹሙን ሓልዮትኩምን ብምልጋስ ስለዘተባባዕኩምኒ ብልቢ የመስግነኩም።

ጸዋዕታ ክህነት ናይ ህዝቢ ስለዝኾነ፥ ካህን ብዘይ ምእመናን ክገብሮ ዝኽእል ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ወላ ሓንቲ የሎን። ከምኡ'ውን ጸዋዕታ ክህነት ክድልድልን ከፍርን ናይ ሕዝቢ ምትሕብባር ኣገዳሲ እዩ። ብመጀመርያ ግና ኩሉ ካብ እግዚኣብሔር ስለዝወሃበናን መሰረት ናይ ኵሉ ጸጋታት ኣምላኽ ስለዝኾነን፥ ጸጋ ኣምላኽ እዩ ንክህነታዊ ሕይወት ዘደድሎን ዘበርትዖን። ግና ነቲ ተቀቢካዮ ዘሎኻ ክህነታዊ ሓላፍነት ብግቡእ ክትነብሮ ከሎኻ፥ ካብ'ቲ ብሰሩዕ ዝነበር ክህነታዊ ሕይወት ናቱ ምድልዳልን ምብርታዕን'ውን ይፍልፍል። ማለት ብርቱዕ መንፈሳዊ ቅንኣት ነፍሳት ምንዳር ይሓትት፥ ብሕይወትካ ንምእመናን ሕያው ስእሊ ክርስቶስ ክትኮኖም ኢልካ ኣብ ትጽዕረሉ ጊዜ ከኣ፥ ረድኤት ኣምላኽ ከምዝውሃበካ ምእማን የድሊ፤ ብተኻኣለካ መጠን ርጉእን

ቅሱንን ብምኳን፥ ብክህነታዊ ሕይወት ንብዙሓት ነፍሳት ክተድኅን ዝተጸዋዕካ ምኳንካ ዘኪርካ ዕለት ዕለት ጸዋታኻ ምሕዳስ የድሊ፤ ኵሉ ጊዜ ነቲ ዝመጽኣካ ፈተናን ዕንቅፋትን ምስ መስቀል ክርስቶስ ብምንጽጻር ንምግጣሙ ምትባዕ ከኣ የድሊ።

ንኹሎም ሕዝበ ክርስትያን ከመሓላልፎ ዝደሊ መልእኽቲ ከኣ፥ ጸዋዕታ ክህነት ወላ እኳ እቲ ጸዋዒ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ እንተኾነ፥ ካብ ቅድስት ስድራቤት ከም እትፍልፍል ተረዲእና፥ ብቃል ኪዳናዊ ሕይወት እትምራሕ ቅድስት ስድራቤት ክነቕውም፥ እቶም ኣቊምና ዘሎና ከኣ፥ ብመንፈሳዊ ሕይወት ክንኮስኩሶ ይግባእ። ካብኡ ሓሊፍና ከኣ ጥዑይ ሕብረተሰብ፥ ብፍቅርን ሓድነትን ዝተጠርነፈ፥ ኃወይ ኃብተይ እናበሉ ዝኸይድ፥ ብኣና ገይሩ ብኃይሊ ኣምላኽ ከምዝቀውም ተረዲእና፥ ኣብ'ዚ ቅዱስ ተግባራት ክንሳተፍ ሓደራ እብል። ነፍስ ወከፍ ሰብ፥ ብጥምቀት ጸዋዕታ ክህነት ከምዝተቀበለ ብምሕሳብ ንክርስትያናዊ ጸዋዕታና ኣብ ፍሬ ክነብጽሕን ነቲ ተልእኾዊ ጸዋዕታና ኣብ ፍሬ ክነብጽሖ ግቡእና ክንገብርን፥ ነቶም ናብ መዓርገ ክህነት ዝጓዓዙ ዘለዉ ፈተውትኹምን ኣሕዋትኩምን ውሉድኩምን ክተበራትዕዎም፥ ኣብ ኵሉ ዕድላት ዝረኸብክምዎ ኣጋጣሚታት፥ ንጸዋዕታ ክህነት ዝወፈዩ ሰባት ምእንቲ ክበዝሑ፥ ምኽሪ ብምልጋስ ምትብባዕ ክትገብሩ ሓደራ እብል። ምኽንያቱ ክህነት ናይ ውልቀሰብ ጥራሕ ከምዘይኮነ ኣሚና፥ ናይ ኵሉ ሕዝበ ክርስትያን ሓላፍነት ዝሓትት ምኳኑ ፈሊጥናን ተረዲኢናን፥ ምእንቲ ጸዋዕታ ክህነት ክበዝሕ ጉቡእና ክንፍጽምን ጸሎት ምእንቲ ጸዋዕታ ክህነት ክነዘውትርን ሓደራ እብል።

ኣባ ገብርኣል ወልዳይ
ዓቃቤ ቤትጸሎት ደብረ ቊስቋም ሥርዓት ግእዝ በይ ኤርያ
ኦክላንድ 28 ሓምለ 2018

## ስእልታት ኣብ መዓርገ ዲቁና ኣባ ገብርኤል - 21 መጋቢት 1993







# ኣብ መዓርገ ዲቁና 21 መጋቢት 1993 ዝቐረበ ግጥሚ

**እንቋዕ ኣብጽሓካ ክቡር ሓውና**

እንቋዕ ኣብዚ ኣብጸሓካ ክቡር ሓውና
ኣምላኽ ይመስገን ነዚ ኩሉ ዝገበረልና
ሰናይ መዓልቲ ንምርኣይ ካብ በቓዕና
ከነመስግኖ ንፈቱ ምሳኻ ተጸንቢርና

ቦታን ጊዜን ከይፈለየ ንሱ መሪጹካ
ኣብ ዓለም ስሙ ክተፋልጥ መዲቡካ
ዓለም ሓላፊ ምዃኑ ባዕሉ ገሊጹልካ
ምስቶም ነገድ እስራኤል ኣብ ሰማይ ክሽመካ

ፍቕርኻ ክትገልጽ ብኣገልግሎት
መስካሪ ክትከውን ንዘመጽእ ሕይወት
ፍርሓት ከየሕደርካ ብዝግበር ዘሎ ስደት
ንእስነትካ ቀሪብካሉ ብተወፋይነት

እንታይ ከምትዛረቡ ኣይትጨነቑ ይብለና
ነታ ጊዜ ትኸውን ባዕሉ ቀሪቡልና
መንፈስ ቅዱስ ኣሎ ይዛረብ እናበለ የተባብዓና
በዚ ቃል እዚ ተማሪኹ ድያቆን ገብርኤል ሓውና

ወንጌል ክትሰብኽ እንካብ ጸወዓካ
ኣሰሩ ንምስዓብ እሺ ካብ በልካ
ከንቱነት ዓለም እንካብ ነዓቕካ
መስቀል ንምሽካም ኢኻ ዝመረጽካ

ድያቆን ገብርኤል ኣንጊሁ ዝነቐለ
የማነይቲ ኢድካ ተሰንየኒ ዝበለ
ንኢየሱስ ክኽተል ብንኡሱ ዝሓለነ
ንክርስቶስ ክፍልጥ ብትብዓት ዝወሰነ
ብተወፋይነቱ ቤተክርስትያን ኮሪዓ ማሕበር ዘሓበነ

ኣብ ልደታ ማርያም በባ ክ/ማርያም ዝተኼስኮሰ
ምድሪ ከይበጽሔ ኣንጊሁ ዝገስገሰ
ተግባር ኢየሱስ ዝሓዘ ዝወረሰ
ሎሚ ብትብዓት መዓርግ ዲቁና ሓፈሰ

ተመልሚሎ ዓብዩ ኣብዛ ገዳሙ
ብፍልስፍና ተዮሎጂ ዓንቢቡ ተሰሊሙ
ዓለም ከይ ምለሳ ሚሒሉ ሓሪሙ
ንብዙሓት መንእሰያት ኣደኒቑ ኣገሪሙ

ውቃቤ እግዚኣብሔር ክርኢ ኢዩ ትምኒተይ
ኣብ ቤቱ ክነብር ንምሉእ ዕድመይ
ከም ሳሙኤል ተወፊየ ብንኡሰይ
ዓለም መኒነያ ገዲፈያ ድሕረይ
ይብል ኣሎ ዲያቆን ገብርኤል ሓወይ

ወንጌል እዩ ዘርኡ ከምቶም ሓዋርያት
ካብ ጸጋም ክመልሶም ንጉጉያት

# ስድራ ቤት ኣባ ገብርኤል ኣብ ዕለተ ዲቁና ኣብ ኣስመራ





# ሰድራ ቤት ኣባ ገብርኤል ኣብ ዕለተ ዲቁና ኣብ ኣስመራ



ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኮይኑ ክፈትሖም ካብ ኃጢኣት
መንገዲ ጽድቂ ክሕብሮም ንብዙሓት

ወልዳይ ለተክርስቶስ እንቋዕ ሓጎሰኩም
ንቤተክርስቲያን ወፊኹም በኩሪ ወድኹም
ኣምላኽ ተሓዊሱዎ ሰሚሩ ጸሎትኩም
ብተኣዝዞ ዝተመላለሰ ኣብ ቅድሚ ክልተኹም

ሕዝበ ክርስቲያን ከርዊ ካብ ዘለዎ ጽማኣት
ወንጌል ክሰብኽ ንኹሎም ድኻታት
ከምቲ ናይ ኢየሱስ ክጽውዖም ኣብ ማያት
ምስ ብዙሓት ክኣቱ መንግሥተ ሰማያት

ድያቆን ገብርኤል ሸናራ ተወሊዱ
ምስ ኢየሱስ ክነብር ብፍቕሪ ተገዲዱ
ወንጌል ከበስር ገዲፉ ዓዱ
ከምቲ ናይ ክርስቶስ ብፍቕሪ ክርስትያን ዓቢዱ

ሕጂውን እነኹ እናበለ ብመዓርግ ዲቁና
ዓለም ከምዘይትጠቅም ብግብሩ መስኪሩልና
ተኸዲኑ ክብሪ ልብሲ ምንኩስና
ንክርስቶስ ክመስል እናዞረ ዓለምና

ልደታ ማርያም ሕዝባ ክርስቲያን
ካህናት ኣለዉዋ ምስ ብዙሓት ምእመናን
ንኣምላኽ ዝውድሱ ብመሰንቆ በገናን
እንሆ ዲያቆን ኣወፈዮም ንቤተክርስትያን

ትምህርቲ መለኮት ዝተመሃርካ ዘጽናዕካ
ናይዛ ዓለም ሃብቲ ብድልየትካ ዝመነንካ
ወርቅን ብሩርን ኒዒቕካ ፈንፊንካ
መወዳድርቲ ዘይርከቦ ሰማያዊ ጉይታ መሪጽካ

ብሓላፊ ነገር ፍጹም ከይጥበር
ብፍቕሪ ጉይታ ዝዓብድ ዝሰክር
ኣብ ዓለም ኮይኑ ምስ ሰማያዊ ዝነብር
ኣብ ምድሪ ክዋረድ ኣብ ገነት ክኸብር

ባህ ይበሎም ክቡራት መምህራንካ
ብዙሕ ጻዕሪ ጌሮም ኣብዚ ከብጽሑኻ
ብስጋ ብመንፈስ እናኰስኰሱኻ
ደኺምና ከይበሉ ብትብዓት ዝሓገዙኻ

ብዙሕ ይመስገኑ መምህራን ወለዲ
ተኺሎም ኣልሚያም ኣብጺሖም ኣብ ዓውዲ
ኣብ መንበረ  ታቦት ኣደየቡኻ ከም ውፉይ መኣዲ
ንኢየሱስ ክትመስል ሓበሩኽ መንገዲ

ናይ ክርስቶስ ካብ ኮንካ ኣይተርፍን ስደት
ምቕባል ኣሎ መከራ ውርደት
ኣብ ማእሰርቲ ንበጽሕ ብኣኡ ክንሕተት
ተባዕ ኩን ኣይትፍራሕ ብሃይማኖት

ክሳዕ ህልቀት ዓለም ምሳኹም'የ ኢሉና
ቃሉ ዘይልወጥ ኣምላኽ ኣሎና
ንሕና ንውፈ ንሱ ይሰርሕ ብኣና
ከምቲ ናቱ ክንገብር ሓላፍነት ሂቡና

ሰይጣን ብወገኑ ከጋጊ ይፍትን
ስጋ'ውን ይተናኽፈካ ተግባር ኣምላኽ
ከይተስተንትን
ዓለም'ውን ትድግፎም ንዳሕራይ ከተሕዝን
ኣምላኽ ግን ጸጋኡ ይህብ ዘይዕቅን ዘይመዝን

ኢየሱስ ዘሕለፎ ክትሕልፍ ኣብ ዓለም
ተረዲኡካ ኢዩ ከምዘሎ ጻዕሪ ጸገም
ነዚ  ዓለም ሓሊፍካ ምስ ኢየሱስ ክትሸየም
ኣኽሊል ተነቢሩልካ ኣሎ ብኣእምሮ ዘይሕለም

ኣምላኽ ይመስገን ንዓኻ ዝሃበና
ብኽህነት ንጽበየካ ካብ በጻሕካ ኣብ ዲቁና
ብዙሕ ህርፋን ኣለዎ ካህናት ክረክብ ሕዝብና
ንኢየሱስ ኣፍልጦ ንኩላ ዓለምና

ብዙሕ ተዛሪበ ሕጅስ ይኣክል
ንማርያም የወፍየካ ናይ ሰማይ መሳልል
ኣብዚ ዝተዓወተ ኣብ ላዕሊ ይዓትር ኣኽሊል
ኣብ ገነት ምስኡ የራኽበና ክንሕጎስ ክንዘልል

*እናቴ ኣውዓለት ዘሚካኤል ማሕበር ደናግል ኦርሶሊኒ*

# መዓርገ ክህነት ኣባ ገብርኤል (25 ሓምለ 1993)



ስእሊ ፡ ዕለተ ክህነት ኣባ ገብሪኤል ኣብ ደብረ ቅዱስ ሚካኤል ከረን



ስእሊ ፡ ዕለተ ክህነት ኣባ ገብሪኤል ኣብ ደብረ ቅዱስ ሚካኤል ከረን

# ኣብ መዓርገ ክህነት ኣባ ገብርኤል (25 ሓምለ 1993) ዝቐረበ ግጥሚ

**እንቋዕ ኣብ መዓርገ ክህነት ኣብጽሓኩም**

ብምስጋና ክጅምር እዚ ግጥመይ
ዝዓበኹም ኣቦታተይ ኣደታተይ
ዝነኣስኩም ኣሕዋተይ የማነይ ጸጋመይ
ብሓንሳእ ኮይና ክንዕልለሉ ነዚ ውፉይ መንእሰይ።

ምስጋና ይብጻሕካ እግዚኣብሔር ኣቦ
ንወዲ ሰብ ኣፍቂርካ ድልየቱ እትህቦ
ንምሉእ ዕድመኡ ምሳኻ ክነብር መሪጹ ብዓል ሓቦ
ንኻልኦት ከካፍል መደቡ ካባኻ ዝረኸቦ።

ጥዑም ኢኻ ሕያዋይ ጐይታ
ቀላይ'ዩ ፍቕርኻ የብሉን መወዳእታ
ዓንድኻ ጽኑዕ ኣብ ምሕረት ተሰሪታ
ብፍቕርኻ ዝዓብዱ ድማ ይርከቦም ቦታ

ሽናራ ለምለም ርሕስቲ ክብለኪ
ካህናት መነኮሳት ዝወለደት ማሕጸንኪ
ሕሩያት መንእሰያት ዝህብ ሑቕፍኺ
ሎሚ'ውን እዚ ውፉይ መንእሰይ ወጺኡ ካባኺ

ለጋስ ኢኺ ብዓንተቦ ብቀደምኪ
ብዓል ኣባ ክ/ማርያም ፈተውቲ ኑብሳት'ዮም ደቅኺ ካባኺ

ኃጥኣን ክንስሑ ዘንግሁ ካባኺ
ሕጂ'ውን እንሆ ኣባ ገብርኤል ወድኺ

ሕሩያት ገዛ እንዳብሓጉይ ተኸሉ
እናቴ ክላ ኣትሒዝካስ ንቤተክርስትያን ዘገልግሉ
መሳልል ሰማያት ካብ ደንቢኦም ዝተኸሉ
ፈተውቲ ሃይማኖቶም ፍጹም ዘይሕለሉ

ሰድራ ቤቱ ቤተክርስትያን ዝቐረቡ
ጸሎት ብርሃኖም ቅዱስ ቁርባን ዝምገቡ
ዓቢኦም ንኡሶም ንጐይታ ዝሓስቡ
ጽኑዓት ኣብ እምነቶም ሰባት የዛርቡ

ኣቡኡን ኣደኡን ሕጉሳት ከምዛትርእይዮም
ብመንፈሳውነት ኣዕበዩዎ ነዚ ቦኽሪ ወዶም
ንገዳም ኣሰናበትዎ ንኽህነት ተመኒዮ
ተፈጸመ ሎሚ ሰሚሩ ሓሳቦም

ብሕጻንነቱ ፍቕሪ ኣምላኽ ዝሰሓቦ
ኣባ ገብርኤል ውፉይ ብዓንተቦ
እንታይ'ከ ኣላትካ ዘይበልካላ ሓቦ
ጥሕስሕስ ኣቢልካ ወዳእካዮ ጎላጉል ይኹን ጎቦ

እዚ ናትካስ ምስ መን ከነጻጽሮ
ንገዳማት ኣሓጎሶም ንዓለም ኣንክሮ
ተማሂርካ ተረዲእካ ንሕይወት ዝቀሎ ዝጽንክሮ
ጨው ምድሪ ኩን በል ንዓለም ኣመቅሮ

ካብቶም ሓዋርያት ምስ መን ከነጽጽረካ
ምስ ጴጥሮስ'ዶ ክብል በኹሪ ስለዝኾንካ
ጳውሎስ ክብል ሰባት ክምለሱ ብስብከትካ
ዮውሓንስ ወንጌላዊ ኢኻ ተፈታዋይ ብምዃንካ

ኣባ ክ/ማርያም በዓል ሰናይ ዜና
ደቅኹም በጺሖም ኣብ ቁምነገር ኣብ ዝና
ኦምኩም ፈሪያ ንሰባት ኮይና
ኣብ ተመነኹሞ በጺሖም ኣይበሉን ነዊሑና

እዚ ተልእኾ እንካብ ተቐበልካ
በዓል ኣባ ክ/ማሪያም ኣለዉ ኣብነት ዝኾኑኻ
ኣብ ማእከል ውግእ ይሕበቡ ጉይታ ከፋልጡኻ
ደውል ይድውሉ  መታን ከዕቁቡኻ

ምእንቲ ክርስቶስ ክብሉ ብዙሕ ኢሎም ኮለል
ጭሩም ከይተረፈ በጺሖም ጸድፊ ኣየፍርሖም ገደል
ብእግሮም ይምርሹ በቕሎም እንክትሕለል
ከማኦም ጥራሕ ኩን እምበር ተሰቢኹ ወንጌል

ቅዱስ ቁርባን ይሓቑፉ ዳዊት ኣብ ኢዶም
ከምዚ እናበሉ ኣብ ሞያ ኣብጺሖም
ኣይትሓምቕን ኮታ ካብ ኮንካ ፍረኦም
ካልኣይ ክርስቶስ እዮም ምሰል ትራሕ ንእኦም
ከምዚ ከማኻ ዝበሉ ዕዉታት ከም ማሕተም ሓዋርያውነቶም

ኣብ ተርተረት ዝዓቤኻ ዉልዶ ስየ
ማይ ነበኽታ ዝሰተኻ እቲ ዝጸረየ
ካብ መረጽካ ኢየሱስ ንዓኻ ካብ ሓረየ
መልሲ ናትካ ከኣ ሰሚዕናዮ ምእንታኻ ተወፈየ

ኣባ ንጉሠ ሕጉስ እዮም ይምስክር ገጾም
ስራሕ በዚሑኒ ዘይብሉ ሓላፊ ናይ ገዳም እንክንሶም
ካብ ኃያል ዓመታት ምስ  መንእሰያት ተቀሪኖም
ማንም ኣይምከኣሎን ጉይታ ድኣ'በር ሒዞም

ኣብዚ ከባቢና ኣለዉ ዝብጽሑ ዝዘወሩ
ለበዳ ትትሪ እሮራ ቤት ገብሩ
ሕዝብና መብዛሕትኡ ብሆይ-ሆይ'ዩ ሰኺሩ
ድሕሪ ሰላም ቁሩባት'ዮም እቶም ኣምላኾም ዝዝክሩ
ኣበራትዓዮም ድኣ እምነቶም ክነብሩ

ሓልሓል ገጽካ'ዶ ዙር ክብለካ ወይስ ጀንገረን
ብዙሓት ነፍሳት ኣለዋ ንክርስቶስ ጸሚኤን
ቃል ወንጌል ገርካ ኣጽግበን ኣርውየን
ክርስቶስ ካብ በለካ ኣብ ክንዳይ ኮንካ ጓሰየን
ናይ ሎሚ ጴጥሮስ ኢኻ ካባኻ ንላዕሊ ሓላዋይ ተሳኢኑወን

መዘና የብሉን ዕብየት መዓርግካ
ኣብ ደብረ ቅዱስ ሚካኤል ብቁዕ ኢሎም ካህን ሸሞምኻ
ክትኣሰር ክትፈትሕ ስልጣን ተዋሂብካ
ናይ ጊዜና ሓዋርያ ሓላፍነት ዝተቐበልካ

መሪጹ እዩ ክጽመድ ኣብ ኣገልግሎትካ
ዓሰቡ ዳሕራይ ክቅበል ኮይኑ ሓዋርያኻ
ዓለም መኒኑ ይመስል ንዓኻ
ካብ ርእሱ ወጺኡ ይኸይድ ብጉደናታትካ

ቀሪጹ ነቒሉ ብኹሉ ሓሳቡ
ግራት ጉይታ ክሓርስ ዕርፉ ጸሪቡ
ዘርኢ ዝኸውን ቃል ወንጌል ተኣጊቡ
ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ክመርሕ ሓላፍነት ተዋሂቡ

ሕድሪ ዝተዋህበካ ብፍቕሪ ጸዋዕታ
ንዝኽረይ ግበርዎ ዝብል ጽዋዕ ጉይታ
ንኑብሳት ከተዕትር ናይ ድሕነት ዋልታ
ምሳኻ ትኹን ማርያም ልደታ

ጅግና ብዕላማኡ ዕብያት ጉላጉል መጋርሕ
እሺ ኢልካዮ ንጉይታ ብኣኻ ክሰርሕ
ተረኺቡ ጓሳ ሕዝብና ዝመርሕ
ኣይበቖቖሉን ንጉይታ ኣእምሮኡ በሊሕ

ብሰማይ ዝተለኣኽካ መልኣኽ እግዚኣብሔር
ክርስቶስ ነጊሱ ሕዛብና ክሕበር
ሰይጣን ምስ ልኡኻቱ ክግዕዝ ክባረር
ጉይታ ናተይ ካብ በለካ ምእንታኡ ተዋፈ

ከምዚ ከማኻ ዝበለ መእሰይ ካብ ዝውፈ
ኩሉ ቀኒኡ ሰይጣን ከይተረረፈ
ከመይ ጌይሩ ክድቅስ ከይዓረፈ
ጅግና ተረኪቡ'በር ንእኡ ዘሸነፈ

ንደቀ መዛሙርቱ ክርስቶስ ከምዝበሎም
ግራት ገፊሕ እዩ ዓየይቲ ውሒዶም
ሕዝበ ክርስትያን ፈቀዶ ቦታ ተዘሪዮም
ተልእኾኻ ንሱ እዩ ኣኪብካ መሃሮም

ተሓጎሱ መምህራኑ ብፍላይ ኣባ ንጉሠ
ካላኦት እውን ኩሉኻትኩም ስምኩም ዘይተጠቕሰ
ዘርእኹም ኣብ ልሙዕ መሬት ስለዝፈሰሰ
ምህርቲ ተረኺብዎ ብጽቡቕ ተሓፍሰ

ካብ መባእታ ትምህርቱ ክሳብ ክህነት
ኮስኩስኩም ብዓብይ ሓላፍነት
ዘርኦም ብጽቡቕ ቦቐለት
ኩሉ ንዓኣ ክጥምት ዓንቢባ ፈረየት

ምእንቲ ክርስቶስ ክፍለጥ ስጋኦም ዝረስዑ
ለይቲ ምስ መዓልቲ ቃል ወንጌል ይበልዑ
ሰለታቶም እዚ መንእሰይ ኣብ ቁምነገር በቒዑ
ኣብነቶም እናተኸተለ ንክርስቶስ ሕራይ ኢሉ ተቢዑ

ሓግዞም በል ንኣባ ሙብራህቱ
ማርያም ከምዚ ከማኻ ዝበለ ውፉይ'ያ ትፈቱ
ምእንቲ ወድኺ'የ በላ ክትወፍር ክትኣቱ
ኣይወድቕን መንደቅካ ኣብኣ እንተ ተሰሪቱ

ክሳብ መጨረሽታ ተኣዚዘ ኣነ
እሺ ይበል ውፉይ ዝኾነ
ከማኡ ስለ ዝገበርኩ'የ ዝዓለም ዝደሓነ
ክሕግዘካ እየ ምስ ወደይ ኮይነ

ዮውሓንስ ምስጢራዊት ኣደ ምስኡ ስለዝኣከበ
ጥልቂ'ዩ ወንጌሉ ተረዲኡ ንዘንበበ
ቃል ስጋ ኮነ ዝብል ኣብ ጽሑፉ'ዩ ዝተረኽበ
ትሕትና መሊእዎ ንማርያም እናሓሰበ

ሽናሩ ናትኪ'የ ሂብኪ መኣስ ንኢደኪ ኮይነ
ካብቶም ራዛ ክዳኖም ኣለውኺ ኣባ ብርሃነ
የማነ ጸገም እንተጠመትኩ እርኢ ኣሎኹ ኣባ ኪዳነ
ብዝሓት ከኣ ኣለዉ ዘይፈለጥኩዎም ኣነ
ኣብዚ ፊተይ ከኣ እንሆ ኣባ ገብርኤል ዓለም ዝመነነ

ኣባ ክፍለማርያም በሉ ተሓጎሱ
ወድኹም እንሆ ናትኩም ወረሱ
ናይ ጉይታ እየ ይብል ኣሎ ዓለም ጥሒሱ
ሽናሩ ቅርቅል በለ ጉልጉል መጋርሕ ጠሪሹ

ጽቡቕ ጉዕዞ ቅድስና ይምነየካ
ኩሎም ቅዱሳን ባዕሎም የሰንዩኻ
ኣብ ሓዳስ ኢየሩሳሌም ብዙሓት ነፍሳት ሒዝካ
ከመይ ወዲ ዓዶም ንቁዱሳን ሰድራ ቤቱ ንኣምላኽ ኢኻ

በሉ ሕጅስ ይኣኽለኒ ኣብዚ ክድምድሞ
ጊዜ ከይውድእ ንሰማዒ ከይደኽሞ
ብዝዕባኡስ ኔይሩኒ ብዙሕ ዘድግሞ
ኣብ ማርያም ኣማዕቂቦካ ኣሎኹ ጉዕዞኻ ብጽቡቕ ክትፍጽሞ

ክብሪ ንቅድስቲ ሰላሴ
ንእግዚኣብሔር ኣብ ፍቕሩ ልብና ዘተርከሰ
ንእግዚኣብሔር ወልድ ሥጋና ዝለበሰ
ንእግዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስ ሕይወትና ዘሓደሰ

*እናቴ ኣውዓለት ዘሚካኤል ማሕበር ደናግል ኦርሶሊኒ*

ስእሊ:  ዕለተ ክህነት ኣብ ደብረ ቅዱስ ሚካኤል ከረን







ስእሊ ፡ ቅዳሴ ኣብ ዕለተ ክህነት



ስእሊ ፡ ቁርሲ ምስ እቡናትን ካህናትን ኣብ ዕለተ ክህነት ኣብ ደብረ ቅዱስ ሚካኤል ከረን

# ሰብከት ኣብ ብሩራዊ ኢዮቤል ክህነት ጥቀ ክቡር ካህን ኣባ ገብርኤል ወልዳይ

ናይ ሎሚ 25 ዓመት፥ ጥቀ ክቡር ኣባ ገብርኤል ወልዳይ፥ ብወለዶምን መማህራኖምን መማህርቶምን ብሕዝቦምን ብጠቅላላ ናይ ከባቢ ሕዝበ ክርስትያንን ነዊሕ ተጓዒዞም ካብ ኩሉ ከባቢታት ብዝመጹን ተኸቢቦም፥ ኣብ ቅድሚ መንበረ ታቦትን ኣብ መንበረ ታቦት ዘሎ መድኃኒኦምን ጸዋዒኦምን ለኣኺኦምን ዝኾነ ክርስቶስን፥ ኣብ መሬት ብኣፍልቦም ተደፊኦም፥ ንምሉእ ሕይወቶም ምስ'ታ ክርስቶስ ብደሙ ዘጥረያ ቤተክርስትያን ኪዳን ኣተዉ።

ሎሚ ከኣ ኣብ'ዚ ብእንርከብ ተማእኪሎም፥ ንመድኃኒናን መድኃኒኦምን፥ ንጸዋዒናን ጸዋዒኦምን፥ ንለኣኺኦምን ንለኣኺናን፥ ኣብ ጸዋዕታ ክህነት ንርብዒ ዘመን ጸኒዖም፥ ብተእማንነት ከገልግለካ ብጸጋኻ ዝሰነኻኒ፥ ክበር ተመስገን ይብልዎ ኣለዉ፤ ነቲ ብዘይካኡ ሓንቲ ነገር እኳ ክግበር ዝይከኣል ልዑል ኣምላኽ፥ ሥጋን ደምን፥ ነፍስን መለኮትን ናይ ፍቁር ወዱ መድኃኔ ዓለም ኣልዒሎም፥ ክበርን ተመስገን ይብልዎ ኣለዉ።

ሎሚ፥ ኣብ ዙርያ እዚ ሰማይን ምድርን ዘራኽብ ታቦት ኰይና፥ በቲ ዝለዓለ ኣብ መንኅ እግዚኣብሔርን መንኅ ሰብን ዝፍጸም ርክብ፥ ብክዉን ህላዌ መድኃኔ ዓለም፥ ምስጋናና ነዕርግ ኣሎና።

ኣብ መጨረሻ ድራር ጸሎተ ሓሙስን ኣብ ዕፀ መስቀልን፥ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ንገዛእ ርእሱ ንሰማያዊ ኣቡኡ እናኣወፈየ፥ “ነዚ ንዝኽረይ ግበርዎ” ኣብ ዝበለሉ፥ ንናይ ኵሉ ዘመናት ኣቡናትን ካህናትን፥ ልክዕ ነቲ ንሱ ዘወፈዮ፥ ምስ ክርስቶስ ምስ'ቲ ካህንን መስዋዕትን፥ ሰዋዕን ተሰዋዕን ሓቢሮም ከወፍዩን ኪውፈዩን፥ ሥልጣን ኣገልግሎታዊ ክህነት ሰርዔ።

በዚ ካህን ካልእ-ክርስቶስን ናይ ክርስቶስ ሥራሕ  ኪሰርሕ፥ ንድላዩን ንመደባቱን ኣወጊኑ፥ በቲ ርኅሩኅ ክርስቶስ ንሕዝቡ ዘለዎ ርኅራኄን ፍቅርን ተደሪኹ፥ ንኣምላኽን ንመንግሥተ ኣምላኽን ኣብ ሕይወቱ ብቀዳምነት ሰሪዑ፥ ብሽምን ብትእዛዝ ክርስቶስን፥ ንነፍሳት ብምሥጢራተ ድኅነትን ብቃል ኣምላኽን እናመገበ ምስ ኣምላኽ የወሃህደን።

ነዚ ኹሉ ኣብ መዓሙቍ ልቢ ሰብ፥ “ተኸተለኒ” ዝብል ሕሽኽታ ኣምላኽ እዩ መሠረቱ። ክርስቶስ ብዝተፈላለየ መገዲ ክንስዕቦ ይጽውዓና፥ ንገለና ብንጽል ንበይንና ክነበር፥ ንገለ ብቅዱስ ተኽሊል፥ ንገለና ብምንኩስና፥ ንገለና ብወፈያ ማኅበራዊ ናብራ፥ ንገለና ድማ ብክህነት ይጽውዓና።

ቅ. ዮሓንስ ቪያኔ “ካህንን መልኣኽን እንተዘጓነፉኒ፥ ቅድሚ እቲ መልኣኽ ነቲ ካህን ሰላም ምበልኩ። ምኽንያቱ መልኣኽ ዓርኪ ኣምላኽ ኪኸውን ከሎ፥ ካህን ግና ሰፈር ኣምላኽ ዝሓዘ እዩ። ካህን ክትርእዩ ከሎኹም፥  እነሃለ እቲ ውሉድ ኣምላኽ ዝገበረንን፥ ብምሥጢረ ጥምቀት መንግሥተ ሰማያት ዝኸፈተለይን፥ ምስ ኃጣእኩ ካብ ኃጢኣተይ ሓራ ዘውጽኣንን፥ ንነፍሰይ ዚምግብን ክትብሉ የድሊ።


# ድሮ ጽንብል ክህነት ኣባ ገብርኤል ኣብ ሽናራ



ስእሊ:   ድሮ ጽንብል ክህነት ኣባ ገብርኤል ኣብ ሽናራ



ስእሊ:   ድሮ ጽንብል ክህነት ኣባ ገብርኤል ኣብ ሽናራ



ስእሊ:  ድሮ ጽንብል ክህነት ኣባ ገብርኤል ኣብ ሸናራ



ስእሊ:  ድሮ ጽንብል ክህነት ኣባ ገብርኤል ኣብ ሸናራ

ከም'ቲ ንዝተንሥኤ ክርስቶስ ርእዮም፥ ሓዋርያት ዓቢይ ሓጕስ ዝተሐጕስዎ፥ ካህን ከዓ በቲ ኣብ ኢዱ ሐዙ ዝርእዮ ጐይታ-ኵሉ ፍጥረት ኪሕጕስ ኣለዎ። ክህነት ካብ ልቢ ፍቕሪ ክርስቶስ እዩ ዝፍልፍል። ካህን ክትርኢ ከሎኻ ንክርስቶስ ሕሰብ" ይብል ነበረ።

ክህነት

- ጸዋዕታ እምበር ሐደ መብልዒ እንገራ፥ ቀዋሚ ሥራሕ ኣይኮነን።
- ሕዳሴ ርእስኻ እምበር፥ ሓዲስ ኣገልግሎት ጥራሕ ኣይኮነን።
- መገዲ ሕይወት እምበር፥ ማንም ተግባር ኣይኮነን።
- ቀዋምን ናይ ምሉእ ሕይወትካ ተወፋይነትን እምበር፥ ጊዜያዊ ኣገባብ ኣገልግሎት ኣይኮነን።
- መንነት እምበር፥ ናይ ሥራሕ ግደ ኣይኮነን።
- ክህነት እግዚኣብሔር ኣልቢሱና ዘሎ ኣድላይን ኣገዳስን ኣገልግሎት እዩ። ኣገልግሎት ግና ኣብ ኵነት እዩ ዚምሥረት። በዚ መሠረት ከም ካህን መጠን እዩ፥ ሓደ ካህን ዚሠርሕን ዘገልግልን ዚሰብኽን፤ ምኽንያቱ ቅድሚ ኵሉን ልዕሊ ኵሉን መንነቱ ካህን ኰይኑ፥ ኣብ'ቲ ኵነት ሊቀ ካህናት ዝኾነ ክርስቶስ ምስታፍ እዩ። ቅድሚ ምግባር ከኣ ምኻን ይመጽእ።

ነፍሲ-ወከፍና ብጸጋ ጥምቀት ዘይድምሰስ መለለዪ ማኅተም ክርስትና ተቀቢልና፥ ሚሮን ምስተቀባእና እውን እቲ ውሉዳዊ ኵነትና ጸኒዑ ይርከብ፤ ካህን ከዓ ብምሥጢረ ጥምቀት፥ ካልእ ንክርስቶስ ሊቀ ካህናት ዘምስሎ ዘይድምሰስ መለለዪ ማኅተም ይቕበል። በዚ መሠረት ብሽም ክርስቶስ ከም ኣምባሳደር ኰይኑ የገልግል።

ቅ. ዮሓንስ ቪያኔ፥ "ኣብ መንግሥተ-ሰማያት ጥራሕ ኢና፥ ንመንነት ካህን ክንፈልጦ ንኽእል። ነዚ ኣብ'ዚ ዓለም'ዚ ከሎና እንተንፈልጥ፥ ብጓሂ ዘይኮነስ ብፍቕሪ ምሞትና" ይብል ነበረ።

ክህነት ንክርስቶስ ስለዘምስለና ካህን በዚ ሓዲስ መንነቱ፥

- ንምሥጢራት ክርስቶስ ይዕድል፥
- ንናይ ክርስቶስ ሓቅታት፥ ንኣባላት ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን የስተምህር፥
- ንኣባግዕ ክርስቶስ ዚኾኑ ምእመናን ከዓ ይናቢ።

ሎሚ ኣብ'ዚ ንርከብ ዘሎና፥ ክቡር ኣባ ገብርኤል ወልዳይ፥ ነዚ ተልእኾ'ዚ ኣብ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ብትግሃትን ብተኣማንነትን ስለዝፈጸሙ፥ ንኣምላኽ ምስኦም ኰይና ንከነመስግን ኢና።

ዕብየት ጸዋዕታ ክህነትን ውዱቕ ባህሪ ሰብን ብሓደ ኪርኪብ ከሎ ከዓ፥ ሓደ ዓይነት ስቅለት/መስቀል ይኸውን፤ ካህን ንላዕሊ ትኽ ኢሉ ናይ ዚቀውም ዕፀ-መስቀል ጸዋዕታን፥ ንጐድኒ ምስኡ ኪወሃሀድ ዝቃለሶ፥ ክፍሊ መስቀል ዓለምን ኣለዎ። ምስ'ዚ ኵሉ ግን፥ ካህን ዕለተ-ዕለት ክህነታዊ ተወፋይነቱ ዘሓድስሉን ዘበርትዓሉን ጸጋታት ይወሃቦ እዩ።

ንካህን ኣብ ክህነቱ ዘጽንዖ ፍቕሪ እዩ።

1. ልዕሊ ኵሉ ፍቕሪ እግዚኣብሔር

2. ፍቕሪ ጸዋዕታኡ

3. ፍቕሪ ሕዝቢ እግዚኣብሔር

ታሪኹ ዝኾነ ክህነታዊ ጸዋዕታ ታሪኽ ፍቕሪ እዩ።

ታሪኽ ጸዋዕታ ክህነት፥ ታሪኽ ፍቕሪ ስለዝኾነ፥ ምስ'ቲ ኣቀዲሙ ዘፍቀረካ ኣምላኽ፥ ኣብ ፍቕሪ ተጸሚድካ፥ ነቲ ዘስተማቀርካዮ ፍቕሪ ብዕምቈት ተገንዚብካን ለቢስካን፥ ንምሉእ ሕይወትካ ነዚ ፍቕሪ'ዚ ብክህነታዊ ኣገልግሎት፥ ናብ ኣኀዋትካን ኣኃትካን ከምዚበጽሕን ከምዚሠርጽን ምግባር እዩ።

ምስ'ቲ ሠናይ ዜና ዝኾነ ቃል ኣምላኽ ብፍቕሪ ተታሒዝካ ምስ ካልኦት ምክፋሉ እዩ። ምስቶም እተገልግሎም ሕዝቢ እግዚኣብሔር ብፍቕሪ ተኣሳሲርካ፥ ነቲ ሠናይ ዜና ዝኾነ ቃል ኣምላኽ ምክፋል ጥራሕ ዘይኮነ፥ ምስኣቶም ነቲ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ክትካፈል ምድላይን ምጽዓርን ምጽላይን እዩ ኃይሊ ነገሩ።

ብፍቕሪ ኣምላኽ ብዝተዋህቡና ምሥጢራት ድኅነት ይምግቦም፥ ናብ እግዚኣብሔር ከምዚቀርቡ ይገብሮም። ምስቶም ንድኅነቶም ብዓቢይ ተገዳስነትን ተወፋይነትን ከይተሓለለ ከገልግል እግዚኣብሔር ዝመዘዞ፥ ሕዝበ እግዚኣብሔር፥ ኣብ ዚሰሓቀሉ እና ሰሓቀ፥ ኣብ ዝጽልየሉ እናጸለየ፥ ኣብ ሓጐሶም ምስኣቶም እናተሓጐሰ፥ ኣብ ሓዘኖም ምስኣቶም እናሓዘነ፥ ኣካሎምን ክፍሎምን ኰይኑ፥ ናብ ዘለዓለማዊ ሕይወት ገጹ ይመርሖም።

ካህን ምኻን፥ እምነትካን ሕዝብኻን ብምፍቃር፥ ንክርስቶስ ኣብ ሕይወቶም ከተንግሥ፥ ብልቢ ለይትን መዓልትን ትጽዕር ምኳን'ዩ። ካህን ምኻን፥ ንታሪኽ ፍቕሪ እግዚኣብሔር፥ ብሕይወትካ ምጽሓፍ ማለት'ዩ። መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ተልእኮ ካህን ምስ ተልእኮኡ ብምትእስሳር፥ ንሰማያዊ ኣቦኡ"ከምቲ ንስኻ ኣብ ዓለም ዝለኣኽካኒ፥ ኣነ'ውን ኣብ ዓለም እልእኾም ኣሎኹ" በለ።(ዮሓ 17:18) ሓደ ካብ'ቶም ንሱ ዝለኣኾም፥ ሎሚ ናይ 25 ብሩራዊ ኢዮቤል ዘብዕሉ ዘለዉ፥ ክቡር ኣባ ገብርኤል ወልዳይ እዮም።

ናብራ ክህነት፥ ተወፋይነት ክህነት፥ ተልእኮ ክህነት፥ ቀሊል ከምዘይኮነ ንኹልና ብሩህ እዩ። ዘኽብዶ ከኣ፥ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ንድኅነት እዘን ኣብ ትሕቲ መንፈሳዊ ጕስነትካ ሂበካ ዘሎኹ ነፍሳት፥ ካብ ኢድካ እየ ዝደልዮ ዝብል፥ ናይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ለበዋን ድላይን ትእዛዝን እዩ።

እዚ ግን ምስ'ቲ ዚሰኣኖ ዘይብሉ ኣምላኽ ተወሃሂድካ፥ ምስኡ እናነበርካ እንተኸድካ፥ ንሱ'ውን ምሳኻ ስለዝነብርን ስለዚሰርሕን፥ ከምኡ ከዓ ነቶም ዘፍቅርዎ ደርቢዩ ስለዘይድርቢ፥ ምስኡን ብኣኡን፥ ነቲ ዘይከኣል ዚመስል ክንፍጽም ትርከብ።

ሎሚ ኣብ'ዚ ብሩኽ መዓልቲ ኢዮቤል ክህነት ኣብ ነብዕለሉ፥ ንፍቅሪ ብርእሱ ዝኾነ ክርስቶስ ተቀቢልና፥ ታሪኽ ፍቅሪ መንፈሳዊ ሕይወትና፥ ብሓዲስ ኃይልን ብሓዲስ ኀሊናን ንጀምሮ። ጸዋዕታ ክህነት ኣባ ገብርኤል፥ ከም ኵሉ ጸዋዕታታት ፍቅሪ እግዚኣብሐር፥ ኣብ ሕይወትና ዝሠርሖ ናይ ዘሎ ተኣምር መዘኻኸሪ እዩ።

ኵልና እንሕጕሰሉን፥ ኵልና ንኣምላኽ ነመስግነሉን መዓልቲ ኮይኑ፥ ኵልና ነቲ ጸዊዑ ምሥጢር ክህነት ኣልቢሱ፥ ብኣገልግሎት ኣባ ገብርኤል ክንፈልጦን ክንፈትዎን ንዝኣዘዘና ፈጺምና ምስኡ ኣብ ሰማያት ክነግሦ ብዝህበና ዕድል፥ ልዕሊ ኹሉ ንልዑል ኣምላኽ ዕዙዝ ምስጋና ይብጸሓዮ።

ከምኡ ከዓ ክቡር ካህን ኣባ ገብርኤል ወልዳይ፥ ንጸዋዕታ ኣምላኽ ኣለሊኹም እሺ ኢልኩም፥ ኣብ ኣገልግሎት እግዚኣብሐርን ኣገልግሎት ሕዝበ እግዚኣብሐርን ተጸሚድኩም ን25 ዓመት ከተገልግሉ፥ እንቋዕ እግዚኣብሐር ዘድሊ ኃይሊ ሂቡ ኣሰነየኩም።

ንወለዲ ከዓ፥ ናብ'ዚ ወፈያ'ዚ ብጸሎትን ብምኽርን ብታሕጓስን ንዘሰነይዎ፥ ብሽም ቤተክርስትያንን ብሽም ኵሎም ብኣገልግሎት ኣባ ገብርኤል ንእግዚኣብሐር ክፈልጡን ኪፈትዉን ብዝተረኽቡ ምእመናን ምስጋናይ የቅርብ።

ሎሚ ከዓ ብፍሉይ መገዲ ንኽቡር ኣባ ገብርኤል ከም'ቲ ን25 ዓመታታት ዘሰነዮም፥ ብዝበለጸ ነዊሕ ዕድመን ጥዕና ነፍስን ጥዕና ሥጋን ሂቡ ከሰንዮም፥ ንኣኦም ኣጸቢቅና ንጸልየሎም።

ኣብ ኵሉን ብኹሉን ኣብ ኵሉ ጊዜን፥ እግዚኣብሐር ዝተመስገነ ይኹን። ኣሜን።

ኣባ ዓውተ ወልዱ ሲታዊ



ስእሊ: መጀምርያ ቀዳሴ ኣባ ገብሬል ኣብ ሸናራ





ስእሊ: መጀመርያ ቁምስና ኣባ ገብሪኤል - ሓልሓል ኣስተርእዮ ማርያም

# Sacred ministerial priesthood

A REFLECTION ON THE OCCASION OF SILVER JUBILEE OF THE PRIESTLY ORDINATION OF ABBA GHEBRIEL JULY 28-2018 By Abba Amlesom Gawd

"You are a priest forever in the order of Melchizedek."
( Cfr. Hb 5:6 )

